BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

# ማንኪፖክስ Monkeypox

ማንኪፖክስ ብሰንኪ ቫይረስ ማንኪፖክስ ዚመጽእ ሕማም እዩ። ብጨዳድ ቁርበት (ዘይርአ እውን እንተኾነ) በቲ እስትንፋስ ወይ ኣየር ዝተሓላለፈሉ ክፍሊ ኣካላት ወይ ብኣዒንቲ፡ ብኣፍንጫ ወይ ብኣፍ ኣቢሉ እዩ ናብ ኣካላት ዝኣቱ።

## እዋናዊ ኩነታት Current situation

ካብ ግንቦት 2022 ኣትሒዙ ኣብ ካናዳ፡ ዩናይትድ ኪንግደም፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣውሮጳ ከምኡውን ኣብ ካልኦት ሃገራት ተርእዮታት ናይዚ ሕማማ ከም ዘሎ ጸብጻብ ተዋሂቡ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ሕማም ማንኪፖክስ ተላዒሉ እኳ እንተ ነበረ እዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ግን ኣብ ሓያሎ ሃገራት ብሓንሳእ ጸብጻብ ተርእዮታት ናይዚ ሕማምዚ ስለ እተዋህበ ዘይተለምደ እዩ።
ካብ ሰብ ናብ ሰብ ምትሕልላፍ/ምዝርጋሕ ናይ ማንኪፖክስ ልሙድ እኳ እንተዘይኮነ፡ ከምኡ ኼጋጥም ከሎ ግና ናብ ሓደ ማንኪፖክስ ዝሓመመ ሰብ እንተቐሪብካ ወይ ናይ ቀረባ ርክብ እንተጌርካ እዩ ዝሓልፈካ።
ቢ.ሲ ምስ ናይ ፈደራላዊ ኮነ ኣውራጃዊ መሻርኽትን ምስ ሃገራዊ ቤተ ምከራ (ላብራቶሪ) ናይ ማይክሮባዮሎጂ ከምኡውን ምስ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ካናዳ ብቐረባ ይዓዪ ኣሎ። ከባብያዊ ህዝባዊ ጥዕና ንኹሎም እቶም ተፈሊጦም ዘለዉ ናይ ዝሓመሙ ሰባት ጉዳያት ይከታተሎም ኣሎ።

## ብኸመይ ከም ዝተሓላለፍ/ዝዝርጋሕ How it spreads

ማንኪፖክስ ካብ እንስሳታት ናብ ሰባት፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ፡ ከምኡውን ብእተበከለ ነገራት ክተሓላለፍ/ክዝርጋሕ ይኽእል እዩ።

- ማንኪፖክስ ኣብ ከም በዓል ናይ መደቀሲ መናጽፍን፡ ሽጎማነን ዝኣመሰለን፡ ኣብ ቁስልን ካልእ ነገራትን ንዝጸንሐ ቫይረስ ማንኪፖክስ ብምትንካፍ እዩ ዝመሓላለፍ። ብዘይካዚ ምስ ሓደ ማንኪፖክስ ዘለዎ ሰብ ገጽ ንገጽ ክትራኸብ ከለኻ ብኸም ምስዓልን እንጥሾን ዝኣመሰለ ኣብ መተንፈሲ ኣካላት ዚርከብ ነጠብጣብ ኣቢሉ ኺዝርጋሕ/ክተሓላለፍ ይኽእል እዩ።
- ማንኪፖክስ ብጾታዊ ርክብ ክተሓላለፍ ኣይተራእየን/ኣይተፈልጠን ዘሎ። እዚ ማለት ድማ እቲ ቫይረስ ኣብ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን፡ ኣብ ብልዕቲ ዓለንስተይትን ኣብ ኣፍ መቐመጫን ብዝረከቡ ፈሰስቲ ኣይመሓላለፍን እዩ፡ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ መልከፍቲ እውን ኣይኰነን። ጾታዊ ርክብ ኣብ ዚፍጸመሉ እዋን ጥብቂ ርክብ ብምግባር/ብምቅርራብ ክተሓላለፍ ይኽእል እዩ ።

## ምልክታት Symptoms

እቶ ምልክታት ካብ 2 ክሳዕ 4 ሰሙን ኪጸንሑ ይኽእሉ እዮም፡ ኣብ 2 ደረጃታት ድማ ክርኣዩ ይኽእሉ እዮም።

እቲ **ቐዳማይ ደረጃ** ነዚ ዚስዕብ ምልክታት ኬጠቓልል ይኽእል እዩ ፦

- ረስኒ
- ናይ ቊሪ ቚሪ ስምዒት
- ብርቱዕ ሕማም ርእሲ
- ዝሓበጠ ጽክታት
- ቃንዛ ሕቖ
- ቃንዛ ጭዋዳ
- ክቱር ድኻም ወይ ብድኻም ረሸሽ ምባል
- ገለ ካብቶም ልሙዳት ዘይኰኑ ምልክታት ድማ ዘሕምም ጐረሮ፡ ምስዓል፡ ዕግርግር ምባል ወይ ተምላስ ከምኡውን ውጽኣት ከጠቓልል ይኽእል።

  እቲ ካልኣይ ደረጃ መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ እቲ ቐዳማይ ደረጃ ካብ 1 ክሳዕ 5 መዓልትታት ጸኒሑ እዩ ዚጅምር ።

እቲ **ካልኣይ ደረጃ** ድማ እዚ ዝስዕብ ምልክታት ከጠቓልል ይኽእል ኢዩ፦

- መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ገጽ ወይ ኣብ ላዕላይ ክፋል ኣእጋርን ኣእዳውን ዝጅምር፡ ከምኡውን ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ኣእዳውን ኣእጋርን፡ ኣፍ ብልዕትን ዝኣመሰለ ካልእ ክፍሊ ኣካላትና ተጽዕኖ ክገብር ዝኽእል ሳሓ እዩ።
- ቍስሊ ማንኪፖክስ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 2 ክሳዕ 3 ሰሙን እዩ ዝጸንሕ። እቲ ቑስሊ ምስ ግዜ ትርኢቱ ካብ ንላዕሊ ውጽእ (ሕብጥ) ዝበለ ምልክታት ናብ ፈሳሲ ዝመልአ ንኣሽቱ ዕንፍሩራት ይቕየር። ኣብ መወዳእታኡ ኸኣ ዝነቐጸ ቁስሊ ኮይኑ ይረግፍ።

ንገሊኦም ሰባት እቲ ምልክታት ብተፈልየ መንገዲ እዩ ዘጋጥሞም። ንኣብነት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝርአ ምልክታት ከየጋጠሞም ቍስሊ ግና የጋጥሞም። ኣብ ሓደ ወይ ሒደት ክፍሊ ኣካላቶም ጥራሕ ቍስሊ ኼማዕብሉ ይኽእሉ እዮም ።

## ነዚ ሕማም ተቓሊዕካ እንተ ኾንካ If you have been exposed

- ህዝባዊ ጥዕና ንጉዳይ ኩሎም ምስቶም ዝሓመሙ ሰባት ቀሪቦም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ዝተፈልጡ ሰባት ይከታተሎ ኣሎ ።
- ምስ ሓደ ማንኪፖክስ ከም ዝተታሕዘ ዝተፈልጠ ወይ እተጠርጠረ ሰብ ተራኺብካ/ተቐራሪብካ እንተድኣ ኼንካ፡ ምልክታት ናይቲ ሕማም ኣብ ኣካላትካ ከይረአ ተኸታተል።
- ሓደ ሰብ ምልክታት ናይዚ ሕማም ኣብ ኣካላቱ ንኽረአ ካብ 1 ክሳዕ 3 ሰሙን ኪወስድ ይኽእል እዩ ።

## እንተ ሓሚምካ If you become ill

- መርመራ ንኽግበረልካ ምስ ኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ተራኸብ። ምስ ሓደ ማንኪፖክስ ከም ዝተታሕዘ ዝተፈልጠ ወይ እተጠርጠረ ሰብ ተራኺብካ ወይ ተቐራሪብካ እንተድኣ ኄንካ ንኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ንገሮ።
- ምስ ኣላዪ ኽንክን ጥዕና ኽሳዕ ትራኸብ ካብ ቤትካ ኣይትውጻእን ርእሰ-ግለላ ግበርን።
    - እንተ ኽኢልካ ካብቶም ምሳኻ ዝነብሩ ሰባት ርሓቕ፡ ሽጎማኖ፡ ክዳን ወይ ኣንሶላታት/ኣጭርቕቲ ፍለ ወይ ምስኦም ብሓባር ኣይትጠቐም።
    - ማንኪፖክስ ናብ እንስሳታት ምእንቲ ከይተሕልፎ፡ ዚከኣል እንተ ኾይኑ ንዝኾነ ይኹን ናይ ገዛ እንስሳ ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤትካ ወይ ፈተውትኻ ክከናኸንዎም ሕተቶም።
- ማንኪፖክስ ከም ዝሓመምካ እንተ ተረጋጊጹ፡ ዝያዳ መምርሒ ንኽህቡኻ ህዝባዊ ጥዕና ክረኽቡኻ እዮም።
- መብዛሕትኡ ግዜ ማንኪፖክስ ፈኲስ ሕማም ኮይኑ፡ መብዛሕትኦም ሰባት ከኣ ድሕሪ ሒደት ሰሙናት ባዕሎም ይሓውዩ እዮም።
- ንማንኪፖክስ ዝኸውን ብግቡእ ዝቖመ ሕክምና የለን። ከከም ጉዳዩ ተራእዩ ጸረ-ቫይረሳዊ መድሃኒት ንኽወሃብ ክሕሰበሉ ይከኣል እዩ።

## ምክልኻልን ክታበትን Prevention and Vaccination

- ሚንስትሪ ጥዕና ካናዳ ኣብ ኣውራጃታትን ዞባታትን ሕማም ማንኪፖክስ እንተድኣ ሃልዩ ንሰበ-ስልጣን ጥዕና ክወሃብ ዝኽእል እተወሰነ ናይ ማንኪፖክስ ክታበት (ኢምቫሙን™) ሒዛ ኣላ። ኣብዚ እዋን እዚ ንሓፋሽ ህዝቢ ኣይወሃብንዩ ።
- ለኸፋ ንምቍጽጻር ነቲ ክታበት ብዝበለጸ መንገዲ ኽትጥቀመሉ ዝከኣለሉ ኣገባብ ንምውሳን ኣብ ካናዳ ምይይጥ ይግበር ኣሎ።
- ኣብዚ እዋን እዚ መጠነ - ሰፊሕ ናይ ምክልኻል (ክትባት) ፕሮግራም ኣየድልን ኢዩ ።